ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ኮሌጅ ሕርሻ ሽረ ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ ፣ ናዉቲ ቤት ዕዮ/ ፈርኒቸር/ ፣ኣቅሑት ፅሬትን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግን ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ የካቲት 12, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 24, 2012 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 24, 2012 3:45 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ክማልኡ ዝግብኦም ረቃሕታ

1 ናይ 2012ዓም ዝተሐደሰ ፍቃድን ንግድን መቅረባይነት ቅዳሕ ዘቕርብ፤

2 መለለይ ቁፅሪ ግብር ከፈልትን ተወሳኬ እስት ታክስ ምዝጉብ ምኮኑ ሰነድ ብቅዳሕ ዘቕርብ፤

3 ተወሳኪ እስት ታክስ ፀብፃብ ዝገበረሉ ናይ ወርሒ ጥሪ ፀብፃብ ዝገብርሉ መረዳእታ ኣታሒዞም ዘቕርቡ፤

4 ሰነድ ጨረታ ንብሰወከፍ ሎት 50.00 ቅርሺ እናከፈልኩም ካብ ኮሌጅ ሕርሻ ሽረ እንዳስላሴ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ን ክትወስዱ ትክእሉ

5 መከበሪ ጨረታ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ወይ ብጥር ገንዝብ ንነብሰወከፍ 5000.00 ቅርሺ ክተትሕዙ አለኩም፤

6 ዝቀርብ ወይ ድማ ዝስራሕ ንብረት ኩሉ ቀዳማይ ደረጃ ይከዉን፤

7 ጨረታ ዝወፀሉ ካብ ዕለት 09/06/2012ዓ/ም ክሳብ 24/06/2012 ዓ/ም ኣብ ኣየር ይፀንሕ፤

8 ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 24/06/2012 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 3:45ቅድሚ ቀትሪ ይክፈት፤

9 እቲ ኮሌጅ ዝሓሸ አማራፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ድማ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ፤

10 ኣብቲ ዝምላእ ዋጋ ስርዝ ድልዝ እንተሃልዎ ወይ ግልፅነት እንተዘይብሉ ብክፋል ወይ ብሙሉእ ይስረዝ፤

11 እቲ ጨረታ ተወዳደርቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉዎ ይክፈት ብዝይምርካብም ካብ ምክፋት ኣይተኣጎልን፤

12 እቲ ኮሌጅ ናይ ምዉሰክን ምንካይን መሰሉ ዝተሐለወ እዩ፤

13 ሰነድ ጨረታ ዝኣተወሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ሕርሻ ሽረ እንዳስላሴ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ንብቁፅሪ 09 ይከዉን፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14 ሰዓራይ ጨረታ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብቲ ኮሌጅ የቅርብ እዚ ከምዉዕሊ ሰነድ ኮይኑ የገልግል፤

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0344-443173 /0914-782962

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle